# ዝኽሪ፡ክቡር ደራሲ-ኣቶ ኣርኣያ በርሀ ብጫለፍታ እንክዝከሩ

=================////////================///////////===============

ክቡራንን ክቡራትን፡ብዛዕባ ክቡር ኣቶ በርሀ ኣርኣያ ኣድሂቦም፡ ኣቶ ገብረመስቐል ገብረዮሃንስን ኣቶ ብርሃነ ተፈሪን ዝተብሃሉ፡ናይ ኣያም ደቂ ኣሥመራ ኮፍ ኢልና፣ኣብ ነዕልለሉ ዚነበርና እዋን፣ኣብ ጉዳይ ፍሉጣት ደቂ ኣስመራ ብፍላይ ኣብ ዘመነ ጃንሆይ እናሻዕ ኣብ መጋርያ-ወግዒ ከነዕልል እዝክር ኢየ፡፡ሕጂ እንሆ ድሕሪ ክንደይ ዓመታት ዝኽሪ ምሳይ ጥራሕ ተሓዚኡ ከይተርፍ፣ንሶም እውን ልዕሊ ዕድምኢኦም መፋርቕ 70 ስለ-ዘሕለፉ፣ዕላል ጥራሕ መታን ኮይኑ ከይተርፍ፡ብኽምዚ መልኽዕ ዋላ ንግዚኡ ከቐርቦ ኣለኒ ብዝብል፣ናባኩም ኤቕርቦ ኣለኹ፡፡ንስኹም/ንስኽን ድማ ከተራጉድዎን ከተደንፍዕዎን ተሰፋይ ወሰን ኣልቦ ኢዩ፡፡በሉ ናብ ፍረ-ነገሩ ኩብለኩም እየ እሞ ሰዓቡኒ ኢኹም፡፡

ኣብ ቋንቋ ትግርኛን ሥነ-ጽሑፍን ካህናት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ገዚፍ ኣበርኽቶ ገይሮም ኢዮም፡፡ብዛዕባ ታሪኽ ሥነ-ጽሑፍ ኣብ ትተናኽፍ መጽሓፍ ክቡር ካህን ሓው ሰሎሞን ገብረኽርስቶስ ድማ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ይርኸብ ኢዩ፡፡

“4ይ ዘመን፣ዘመን ዓደይ ዓድኻ
እንካብ 1945 ዓ.ም.-1955 ዓ.ም. #ሓደስቲ ጽሑፋትን መጽሔታትን ምስ ዓብዪ መዝገበ ቃላት ትግርይና ከምኡውን ኣገደስቲ መጻሕፍቲ መጽናዕቲ ዝተሓትመሉ እዋንዩ ኔሩ እኳ እንተተብሃለ፣ምስ ቋንቋ ኣምሓርይና



ብዝነበረ ንሕንሕ፡ፖለቲካዊ ተጽዕኖ ከምዝነበሮ ክጥቀስ ይከኣል’ዩ፡፡ ብሐፈሻ ብዘመን ዓደይ ዓድኻ ዝነበረ ሥነ-ጽሑፍ ትግርይና፡ካብ ዘመን እንግሊዝ ብመጠኑ ዝማዕበለዩ ኔሩ፡፡
-ይስሓቕ ተ/መድህን፣ሙሳ ኣሮን፣ተኽላይ ዘወልዲ፣ትካቦ ኣረስዕ፣በየነ ሃይለ፣ይስሓቕ ዮሴፍ፣ተስፋዝጊ ገረዝግሄር፣**በርሀ ኣርኣያ**፣ጆ/ራ ገረየሱስ ኣባይን ካልኦት ንጡፋት መሓዙቶምን ዝደረስዎምን ዝተርጎምዎምን መጻሕፍቲ ልዑል ስነ ጽሑፋዊ ኣበርክቶ ዝገበርሉ እዋን’ዩ ኔሩ፡፡”

"**ወጠጦ እንዳ 'ቦይ ዓንዱ!**" እትብል መጽሓፍ ቀልዓ ኮይነ ነቢበያ ነይረ፡፡ቕድሚ 5 ዓመት ድማ ካብ ቤተ መዛግብትን ሰነዳትን ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ፡ተቐዲሐ ካብ ዘወጸ ጽሑፋት ረኺበ፡ከንብባ ዕድል ገይረ ነይረ፡፡”-እዚ ቀንጪበ ዘቕርቦ ዘለኹ’ዩ፡፡

ካልእ ድማ ጸሓፊ እዚ ጽሑፍ ብዕለት 9 ሰነ 2020ዓ/ም/ፈ፡ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ገጻቱ፣ካብ ዝሰፈሩ ሓንቲ ሓጻር ጽሕፍት ድማ ነዛ ትስዕብ ትመስል፡፡

“ትማሊ ሰንበት (ሎሚ ቕነ) ድማ ሓንቲ ግድስቲ ሓፍተይ፡ነታ መጽሓፍ ከም ትደልያን ሰሃሮ ምንባባ ከም ዘለዋ ብኣንክሮ ትዕልለኒ እሞ፣ኣነ እውን ደግሲ ምንዮት ምንባብን ተመሥጦን እታ መፅሓፍ ንእለቱ ሓደረኒ፡፡ስለዚ እታ መጽሓፍ ኣብ ኣብያተ ንባብን ወ መዘክርን ከይደ ከይደልያ፡ብሰሪ ሕማም ኮረና ድማ ዕጽውጽው ኢሉ ከም ዘሎ ተገንዚበ፡ንሓደ ብጻየይ ክደልያ ተላቢየዮ ኣለኹ፡፡ሕጅ’ውን እላቦ ኣለኹ፡፡ብረቂቕ ቕዳሕ ዘለኹም እውን ክትሰዱልና፡፡

እታ ሓፍተይ፡ንመጽሓፍ "**ወጠጦ እንዳቦይ ዓንዱ!**"-ብዕላል ኣቡኣ'ያ፣ ነታ መጽሓፍ ትፈልጣን ንክትፈትዋን ተቐሲባ መስለኒ።ምኽንያቱ፡ወላዲ ኣቡኣ ቅድሚ ንገድሊ ምኻዱ ተገዲሱ፡ ካብ ዘንበበን መጽሓፍቲ፡ሓንቲ ንሳ ምንባራ፣ንደቁ ተገዲሱ ይትርኽሎም ብምንባሩ ኣብ ሕልና ደቁ ሕላገት ተዘኺሮን ፍቅር ምንባብ መጽሓፍ ክትሕድርን፡ከም ዝኸኣለት ብቐሊሉ ትዕዘቦ ጉዳይ ኢዩ።እታ መጽሓፍ ኣብ ኢድኩም፡ ዘለትኹም'ውን ክትተሓባበሩና ብትሕትና እሓትት።




ብዛዕባ ደራሲ ክቡር ኣቶ በርሀ ኣርኣያ፡ብጹቶምን መሳርሕቶምን ነበር ክዕልሉ'ኻ ከለዉ፡ ኣዚ'ኻ ኢ'ኻ ትምስጥ።ብፍላይ ኣቶ ብርሃነ ተፈሪ ሃላፊ ቤት ምኽሪ ነጋዶ ኣስመራ ነበር (ቶርጓሚ )ኣቶ ገብረመስቐል ገብረዮሃንስ ሓላፊ ባንኪ ነበር (ባንከር) ኲነ ወይዘሮ ሥላስ ረዳን ደጋጊሞም ክዕሉሉኒ እዝክር ኢየ።ኣነ እውን ኣብ ግዜ ቁልዕነተይ ንኣቶ በርሀ ኣርኣያ፡ኣብታ ከፊቶማ ዝነብሩ ሕዝባዊት ትካል ክርእዮም ዕድል ገይረ ነይረ'የ።ንመንእሰያትን ሕጻናትን ድማ ምዒዶምን መኺሮምን ኣይጸገቡን ምንባሮም፣ማንም ፈላጢኦም ዝምስክሮ'ዩ።

ኣቶ በርሀ፡ኣብ ግዜ ንእስነቶም ማለት ኣብ ዕድመ ኮተቴ ኮይኖም፡ምጽሓፍ ከም ዝጀመሩ ዝፍለጥ ኢዩ። ፍላይ ኣብ ጋዜጣ "ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ"-ሓደ ኣብነት'ዩ።

እዛ "ወጠጦ እንዳቦይ ዓንዱ!" ትብል መጽሓፎም ድማ ኣብ 1967 ዓ.ም.ፈ ኢዮም ኣሕቲሞም፣ናብ ሕዝቢ ዘርጊሖማ።

ኣብ መወዳእታ ድማ እታ ክብርቲ ሓፍትና ብዛዕባ መጽሓፍ "ወጠጦ እንዳ 'ቦይ ዓንዱ"፡ ኣብ ግዜ ሕጻንነታ ኣቡኣ ካብ ዘዘንተዎ፡ብጭልፋ ዘለዋ ዝኽሪ ክትሕንጥጥ ደፋፊኣያ ነይራ፡ኣየሕፍድረትንን ድማ ጽሒፋ ምዓልቲ ከየውግሐት፡ኣብ ባሕሪ ሰልሚ ግዲ ተሸሚማ፡ሓናጢጣ ዘዲዳትለይ ኢያ።ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ድማ እታ "**ንፍቅሪ ዝበልካዮስ ንኽትሪ!**" ብዝብል ሓጽር ጽሑፍ እንህልኩም።







**-ጻዕዳ ጸባ ሸጥና፡ ጸሊም ቡን ንሰቲ ኣሎና።**


ጻዕዳ ጸባ ሸጥና ፡ ጸሊም ቡን ንሰቲ አሎና ።

ሐደ ጊዜ ክልተ ዓበይቲ ሽማግሌታት ሰበት ኣብ መገዲ ተራኺቦም ብዛዕባ ጥዕናኦም ክተሓተቱ ከለዉ ፡ እቶም ሐደ ነቶም ካልእዮም "ዓርከይ ከመይ ትኽኑ አለኹም ጥዕናኹም፡ ኢሎም ሐተትዎም'ሞ እቶም ካልኣዮም ድማ ነቲ ዘሕለፍዎ ዘመንን ዘለውዎ እዋንን ምስ አመዛዘኑ "እግዚአብሔር ይመስገን" ዓርከይ ጠዋዕሙ ከም እኒ "እንቋቆሖ ፡ ደርሆ ፡ ጠስሚ ፡ ጸባ-ጻዕዳ ፡ ሸጥና ሜስ ፡ ሰዋ ፡ ክኛኽ ፡ አረቂ ፡ ጸሊም - ቡን ፡ ዓዲግና ንሰቲ አሎና" ኢሎም መለሰሎም ።

ትምህርቲ ፡ — አየወ ፡ ክብቲ ንሰብነት ዝጕድእን ዝመርዝን ነገራት ር ሒቕና ናብቶም ንአካላትና አጀምትን ነደቕትን እንተንዝንብልዶ አይመሒሸን . . . . . !

ምንጪ፥ በርሀ ኣርኣያ (1954)፣ "ምቁር-መርዚ" ፣ ገጽ 158- ኣስመራ።

ኣቶ በርሀ ኣርኣያ ካብቶም ንልብ-ወለድ ትግርኛ ንምምዕባል ኣበርክቶ ዝገበሩ ደረስቲ ሓደ እዮም።ኣቶ በርሀ ኣርኣያ ሓያሎ መጻሕፍቲ ልብ-ወለድ ምስ ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ኣተሓሒዞም ይጽሕፉ ምንባሮም ካብቲ ዝጻሓፉዎ መጻሕፍቲ ክንርዳእ ንኽእል።እታ ቀዳመይቲ መጽሓፍ፤"መርሖ- ኪዳን"-ብዛዕባ ሕጸን መርዓ ኩነ ምልሶትን ምስናይ ኣኽብሮት ወለድን" ዘርእስታ መጽሓፍ ብ1948 ደሪሶም፡ ካብኡ ቀጺሎም **"ምቁር-መርዚ"**- እትብል ብ1956 ዓ.ም. ከሕትሙ በቒዖ።




ድሕሪ ሰለስተ ዓመት 1959 **"ጥሪ-ዕብዲ"**-እትብል ካብኡ ቀጺሎም ድሕሪ ሓደ 28 ዓመት "ወጠጦ እንዳቦይ ዓንዱ" እትብል ጽሒፎም፡እቲ ልብ-ወለድ መጻሕፍቶም፣ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ትግርኛ (ብቀንዱ ተዛራቢ ቋንቋ ትግርኛ ወይ ብሓፈሻ ባህሊ ምድረ-ሓበሻ) ዝርኤ ሕላገት ባህሊ ኮይኑ ጸሚዱ ሒዝዎ ዘሎ ድሑር ባህሊ ምስ መኣረምትኡ ዝእንፍት፡ብመልኽዕ ልብ-ወለድ ዝጽሓፉ ሓቦኛ ጸሓፊ እዮም ።

ኣቶ በርሀ ኣርኣያ፡ ኪኢላ ተዋዛያይ ስለ ዝነበሩ ኸኣ ዝረኸቦም ሰብ ሰላም እን- ከይበሎም ኣይሓልፍን ነበረ፣ ንሶም ከኣ በላኻያ-በላኻ ኢሎም ናይ መስሓቕ መዘናግዕን ቃላት ገቢሮም፡ተረኺብ ዘረባ ብምግባር ሰው ኣቢሎም ዝኸዱ ክኢላ ብምብሮም፣በዚ ኸኣ ዝኹነ ሰብ ይፈልጦምን የለልዮም ነበረ።በርሀ ኣርኣያ "ምቁር-መርዚ"።እትብል ብዛዕባ ጠንቂ መስተ ዘሰዕቦ ጉድኣት ትገልጽ መጽሐፍ፡ኣብ ኣስመራ ቤት-ማሕተም ኮኸብ-ጽባሕ ብ1956 ዓ/ም 160 ብዝሒ ገጻት ዝሓዘት መጽሓፍ ብርሃን-ሕትመት ረኸበ መጽሓፎም።

መስተ ንኣእምሮን ኣካላትን ከም ዘድክም ትሕብር ብተወሳኺ ብሰሪ መስተ ኣብ ናብራ ሐዳር ዕግርግርን




ፍትሕን ብሓፈሻ ሽግር ከም ዘፈጥር ህይወትካን ገንዘብ ንኸተጥፍእ ከም ዘደፋፍእ የረድእ፡ኸቱር መስተ ካብ ብጾትካ ከም ዘስንፈካ ትሕቲ መሓዙትካ ከም ዝገብረካን ዘንዕቀካን ምኻኑ።ኣብ ልዕሊ ሂወትካን ካልኦት ሰባትን ንሓደጋ ከም እተጋልጽ የመልክት።መሰተ ጉድኣት ድኣምበር ጠቕሚ ከም ዘይህብ በቲ ግዜቲ ዝነበረ ኩነታት ኣብሪሃ እትገልጽ መጽሐፍ እያ። በርሀ ኣርኣያ ጥሪ ዕብዲ፡ኣስመራ፤ቤት-ማሕተም ኩኾብ-ጽባሕ፤ብ1959 ዓ.ም. ተሓቲማ፣110 ገጻት ዝሓዘት፡እዛ መጽሓፍ እዚኣ እታ ምስ ብዙሓት ኣንባቢቲ ዘፋለጠቶምን ብንብብቲ'ውን ብዙሕ ናእዳን ኣድንቀትን ዘትረፈትን መጽሓፍ ምኳና ሓሸኽት ዝምስኽርዎ'ዩ።

ኩሉ ኣንባቢ ትሕዝቶኣ ተረዲእዎ እንክነሱ ኣብ ምትግባር ግን ተሓባበርቲ ዘይረኸበት፡ ነቲ ኣብ ኤርትራውያን ዝርአ ኣብ ግዜ መርዓ ዝፍጸሙ ተግባራት እትገልጽ እያ። ኣብ ወርሒ ጥሪ መብዛሕትኡ ስነ ስርዓት መርዓ ከም ዝፍጸም ትሕብር ።እቲ ማሕበራዊ ውራይ (መርዓ) ዘለዎ ኣቦ ጓል ይኹን ኣቦ ወዲ ዘይዓቕሙ፣ኣነኸ ካብ መን ይሓምቕ ዝዕላመቱ ሰብ ከይብለኒ ብምባል ዘለዎ ንብረቱ ወዲኡ ካብ ካልኦት ሰባት ተለቂሑ መርዓ ከም ዘሕልፍ። መርዓ ምስ ኣሕለፈ ድሕሪ ውራይ ዕዳ ንምኽፋልን ነቲ ዘጥፍኦ ገንዘብን ንብረትን፡ ንምትካእ ዘጋጥሞ ሽግር ዘርዚራ ትገልጽ።እቶም ተዓደምቲ ብወግኖም ተዓዲምና ከመይ ኢልና ክንተርፍ ብምባል ኣብ ሐደ መዓልቲ ናብ ብዙሕ መርዓ ይኸዱ ሰብኣይ ሰበይቲን ደቐምን ፋሕ ኢልካ ፈቓዶ ዕድመ ገንዘብ እንዳዘርዘኻ እትሕልፎ ግዜን ትገልጽ።ኣብ ማሕበራዊ ውራይ (ብፍላይ ድማ ኣብ ዉራይ መርዓን ደርዓን) ዘሎ ሃለኽ-ለኽን ድኻምን ኮፍ ኣቢላ እተርእይ እያ።

ኣብቲ መጽሓፍ ካብ ዘስፈሮ ሓደ ኣብ ግዜ መርዓ ዝተራእየ ይብል ሓንቲ ሰበይቲ ካብ ሓደ ውራይ ናብ ሓደ ውራይ ክትብል አውቶቡስ ከይትገድፍ ከተርክብ ነቲ ሕጻን ውላዳ ክትሓዝሎ ልባ ጠፍእዋ ንቁልቁል ኣፉ ከም ዝሓዘለቶ ትገልጽ፡፡ብሓጺሩ መርዓ ጽቡቕ'ኳ እንተኳነ እቲ ዘወጽእ ገንዘብን ድኻምን ምስ ዓቕምኻ ዝመጣጠን ክኸውን ከም ዝግባእ ትሕብር ፡፡29 "ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ"-ዝብል ኣባሃህላ ዘረዓመትን ዝተኩልኹለትን ጽሕፍቲ እያ ፡፡

በርሀ አርአያ፡ "ወጦጦ እንዳቦይ ዓንዱ"- ኣስመራ፤ ቤት-ማሕተም ኮኾብ ጽባሕ፤ብ1960 ዓ.ም. 120 ገጻት ትሕዝቶኣ፡ ብዛዕባ ሐፈሻዊ ኩነታት ናብራ ናይ እንዳ አቦይ ዓንዱ ዝበሃሉ ስድራ-ቤት አስፍሕ አቢላ እትገልጽ-ልብ-ወለድ መጽሓፍ እያ፡፡ኣብ ናብራ ሕይወት ወድ ሰብ ብፍላይ ኣብ ሕብረተሰብ ተዛራቢ ቋንቋ ትግርኛ ዝውክል፡ዘጋጥም ናይ ውድቐትን ምእራምን ልዕሊ ዓቕምኻ ብምጥማት ናይ ህርፋን፡ጥሪትን፡ስሰዐ ገንዘብን ብምምናይ ዘስዕቦ ውድቐት ረዚን ምዃኑን ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ሕማቕ-ዓዘቕቲ ከም እትውድቕ ፡ትገልጽ'ያ፡፡

ካብ ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን ተዋጺኣ ዝተጻሕፈት ልብ ወለድ መጽሓፍ እያ፡፡ኣቶ በርሀ አርአያ "መርሐ-ኪዳን"- ብዛዕባ ሕጸን መርዓን ምልሶትን አኽብሮት ወለድን፡፡ራብዓይቲ መጽሓፎም ድማ ኣብ ከተማ ኣሥመራ፤ቤት-ማሕተም መንግሥቲ ኤርትራ፤1948 ዓ.ም.44 ገጽ ኣሕተሙ፡፡

ብዛዕባ ሕጊ ሥርዓተ መውሰቦ ሕጻን መርዓን ምልሶትን፣አድሂቡ 'ከመይ ከም ዝነበረ፤'ን 'ከመይ ክኸውን ከም ዝግባእ፤'ን፡አኽብሮት ወለድን ካብ መጻሐፍ-ቅዱስ መሰረት ገይሩ እተዋጽአ፡ምኽርን ምዕዶን ትህብ፡፡ቃል-ኪዳን ክሳዕ መዋእል ዕምሪ ሕይወትካ መታን ኪጸንዕ ትእዛዛት-ኣምላኽ ምሕላው ግድን ኣድላይ ምዃኑ ትሕብር መጽሐፍ'ያ፡፡



"ኣነ ዝፈልጦ ግን፥ ኣቦይ ፊታውራሪ ኣርኣያ ደበሳይ ናይ መጀመርታ ሓላፊ ጸጥታ ኣስመራ ኣብ ግዜ መንግስቲ ኤርትራ-(እቲ ናይ ቀደም መንግስቲ 40ታት)፥ ከምዚ ሕጂ ሰብ ዓዲ ዘይብሉ ብዓዲ ዝባላዕ ኣብ ዘይነበረሉ ግዜ ማሕበር ምስ ኣምሓሩን ኦሮሞን ተጋሩን ኣብ ኣስመራ ኔሮዎም ኣነ ዝፈልጦ፡፡

ኣብ ኣስመራ ከይተወልዱ ኣይተርፉን'ዮም ኣብ መጀመርታ 50ታት ዕድሚኦም ሞይቶም እብል፡፡ ስለዚ ኣብ 1986 ስለዝሞቱ ኣብ መወዳእታ 30ታት ወይ መጀመርታ ኣርብዓታት ተወሊዶም ክኾኑ ኣለዎም፡፡ገዛውቶም ኣብ ከባቢ ዩኒቨርሲቲ፡፡

ካብቶም ዝዝክሮም ደቆም ድማ ሕርይቲ (ሞደል ትመስል ጓል)፣ሳሙኤልን ያረድን ኢዮም፡፡በዓልቲ ቤቶም ወይዘሮ ትዕበ ኸኣ ኣዝየን ምልክዕቲ ብምንባረን ገጸን ከይዶግ'ሓኻ ኢኻ ትፈርሕ፡፡ደቀም ኩሎም'ውን ከምኡ ግሩማትን ምልኩዓትን ኢዮም፡፡ባር ድርፎ ናቶም'ያ ኔሩ፡፡ገለ ካብ ድርሰታቶም ምስ ዝገልጽ ኸኣ፡"ጥራ-ዕቡዲ"፣"ወጠጦ እንዳቦይ ዓንዱ ወዘተ ክግለጹ ይኽእሉ ኢዮም"

ኣቦኦም ምስ ጃንሆይ ዝራኸቡን ኣብ ገዘኦም ዝቕበልዎምን ክቡር ሰውብ ምዃኖም አፈልጥ'የ፡፡እቲ ዝሓለፈ መንግስቲ (መንግሥቲ ደርግ) ኮምዩኒስታዊ ሥርዓት ስለዝነበረ፣ገለ ካብ ሃብተ-ርስቶም ከም ዝራሰዮን'ውን ዝፍለጥ ጉዳይ'ዩ፡፡"-ሓደ መቕርቦም ብዛዕባ ኣቶ በርሀ ኣርኣያ ሓቲተየ ዝሃበኒ ምላሽ'ዩ፡፡

ኣቦይ ፊታውራሪ ኣርኣያ ደበሳይን ኣደይ ኣሰገደችን-(ወለዲ ኣቶ በርሀ ኣርኣያ ደራሲ-"**ጥራ-ዕቡዲ**")- ዓበይቲ ዕዳጋ-ዓርቢ ትፈልጥዎም ክንደይ ኣለኹም? ምንጪ ኣሳእል ወለዶም ድማ ጆን ተኽለ'ዩ፡፡



**ፊተውራሪ ኣርኣያ ደበሳይ-(ወላዲ)**



**ኣደይ ኣሰገደች- (ወላዲት)**

#እዛ ማሰ'ዚ'ኣ፣ብሓደ ቀልዓ ኣብ ሥነ-ስርዓት ቀብሪ ከንቲባ ትኩእ ብዓል ኣብዓ-ሃዳድም ጭዓሎ ኣውራጃ- ኣከለጉዛይ ኣብ ማሰ-ማሰ ዝተባህለ'ዩ።

እቲ መን እንተብልካ ከንቲባኡ፣
እቲ እንተብልካ ከንቲባ እንድኡ፣
ጨንገር ይሑዙ ከም ቀላዑ፣
ቀሚስ ይለብሱ ከም መራዑ፣
ሓረስታይን ምድርን ተጻቢኡ፣
ኣዳም ከደ ነናብጠበንጃኡ፣
ናውቲ ማሕረስ ጠፍኣ ኣብ መምሕባኡ፣
ኣታ ጉድ እንዳኡ፡ኣታ ጉድ እንዳኡ፡ኣታ ጉድ እንዳኡ፣
በዓል'ዛ ሰበይቲ እዚኣ እንታይ ይብልዑ፣
በዓል'ዚ ቀልዓዚ እንታይ ይብልዑ፣
ኣታ ጉድ እንዳኡ፡ ኣታ ጉድ እንዳኡ፡ኣታ ጉድ እንዳኡ፣
ኣታ ብወደይ ኮይነ'ምበር ማዕዳ እንዳኡ።




ምንጪ፥መጽሓፍ- **“ዝናን ተረትን ምስላን ቀዳሞት”**፥(ኣባ ጋስፓሪኒ፡ዝማሕበረ ኮምቦኒ)፡1938 ዓ/ም

ብዛዕባ ኣባ ጋስፓሪኒ ኣርማንዶ-(ወይ ድማ ኣባ ገብረማርያም)፡ቅድሚ 2 ዓመት ኣቢሉ፡ኣብ ገጻት ማሕበራዊ- መራኸቦይ- ካብ ዝለጠፍኽዎ፡ወስ ክብል እፈቱ።ኣብቲ ዝርዝር ድማ ስም ኣቶ በርሀ ኣርኣያ ክትቐስ ግድን ኢዩ።እንሆ ብኸፊሉ ኣብ ዘቕረብኽዎ ምርኣይ እኩል መረጼን'ዩ።

“#ኣነ፡ንኣባ-ጋስፓሪኒ ካብ ብዓይነ-ሥግኦም።ዝረኣዩዎም ደቂ ገዛውትናን መታዕብይትናን ሓደ ኢየ፣እዚ ድማ ሳላ ሓው ፍራቴሎ ኣፈወርቂ ዝተረኽበ ዕድል ኢዩ።



ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኣብ ዕቤት ዘመናዊ ትምህርትን ቋንቋ ትግርኛን ቋንቋ ግእዝን ወሰን-ኣልቦ ንሪማ ክትብል፡ደርማስ ኣበርክቶ ከም ዝገበረት እኣምን'የ።እንተኩነ ብዙሕ ዝተዘርበሉ ኣይመስለንን።

ኣብ መንበሪ ቤት፡ኣባ ጋስፓሪኒ፡ማእለያ ዘይብሉ ኣሳእል ከም ዘሎ ዓበይቲ ሰባት ኣውጊያሙኒ።ማማ ሥላስ ረዳ፡ ኣብ 1948 ዓ/ም ወይ ድማ 1955 ዓ/ም/ፈ ቊንጅና

ውድድር ትግራይን ኤርትራን ቀዳመይቲ ዝወጸ፡ናብ ዓዲ ጥልያን ቅድሚ 50 ዓመት ኣቢሉ፡ኣብ ዝኸዳሉ ናብ ቤት ኣባ-ጋስፓሪኒ (ኣባ ገብረማርያም) ዝኸዳሉ መቃን ግዜ ብዝረኣይኦ ኣሳእል፡ብዙሕ ዝኽርታት ከም ዘለወን ኣዕሊለናኒ ነይረን።

ቤት ትምህርቲ ባርካ ብዙሓት ወከፋት'ያ ኣፍርያ።ሒደት ንምጥቃስ ደራሲ ኣቶ በርሀ ኣርኣያ፣ ስውእ መሓሪ ተኸለ (ሙሴ)፣የማነ ባርያ፣እምቤርቶ ባርቡይ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል'።ዳርጋ ኣባላት ስድራናን ጎረባትናን ኩነ መታዓብይትን፡ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮምባኒ (ባርካ/እድገት/ላልምባ) ብምምሃርና ዕድለኛታት ኢና እብል።ነዛ ቤት ትምህርቲ ዝኸፈቱ ኣባ-ጋስፓሪኒ ብህይወቶም ከለዉ፡ኣጋጣሚ ኮይኑ ክረኽቦም ቀጸራ ሒዘ ነይረ ግን ኣይተዓወትኩን።

ኣባ ጋስፓሪኒ ፡ልዕሊ 10 ቋንቋታት ብምልከት ይዛረቡን ይጽሕፉን ምንባሮም፡ ብዙሓት ምሁራትን ፈለጥቶምን ዝምስክርዎ'ዩ።ኣባ ጋስፓሪኒ፡ኣብ መበል 91 ዓመቶም፡ብዕለት 21 ጥቅምቲ 2004 ዓ.ም.ፈ(ወይ ድማ ኣብ 1997 ኣቆጻጽራ ምድረ-ሓበሻ)፡ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ፣ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልቶም'ዮም።

-እስከ ተዘክሮኩም ወይ ተዘኽሮታትኽን ንግሩና ወይ ኣካፍሉና።"

#ኣብ መወዳእታ፡ሓውና ዳኒኤል መብራህቱ ንጉስ ዝተብሃለ፣ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቦ እዛ ስእልን ንዓዓ ዝገልጽ መብርህን ብቋንቋ ኢንግሊዝ ኣስፊሩ ኢዩ።ንኣቶ በርሀ ኣርኣያ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ኮምቦኒ ተምሃራይ ምንባሮም እትገልጽ ብምኳና ድማ ኣብዚ ኣስፊረያ ኣለኹ'የ።

"Here is a 1948 photograph of 7th grade Comboni College Asmara students. Most of the students have died but a few are still alive. Can you identify some of them who could be your fathers, grandfathers or other relatives?

Among the teachers in the photo are Aba Gasparini, director of the school; Aba Yaqob, teacher of Tigrigna who later became the Catholic Bishop of Eritrea; Aba Sozio, another teacher. Among the students are Memhir Berhe Araya, author of famous book entitled Tiri Ebidi (ጥሪ-ዕብዲ)-("Madness in January");



Fessehaye Haregot, son of Degyat Haregot Abay who was the Mayor of Asmara for more than 10 years; Abraha Hagos, member of Ethiopian parliament killed by the DERG in 1975; Kegn. Mebrahtu Negusse, former assistant professor and Dean of Social Sciences Faculty at Asmara University and current lecturer at SMAP; Beyene Asfaha, attorney general of Eritrea during Haileselassie regime;

Dr. Seyum Gebremedhin who died from car accident in Italy soon after completing his medical studies; Michael Haile, owner of the Campopolo gas station at Warsay street; Beyene

Giorgo, former legal advisor of Commercial Bank of Ethiopia; Negassi Gebru, former employee of Commercial Bank of Ethiopia and Shell Company;

Tekeste Measho, former employee of Commercial Bank of Ethiopia; Yemane Tekle, former employee of Ethiopian Airlines; Yemane Habtemariam, former employee of AGCA; Abraha Atsbaha, former employee of Ethiopian Airlines; Etiopia Kahsay, former cashier at Banco Di Roma, Asmara; Belai Hruy; Memhir Ezaz Tesfay; Memhir Haile Solomon (Biniam); Memhir Tareke Tewelde; Memhir Gebremeskel Weldegergis; Tekle Yohannes; Birhane Lema; and many others.

Please share and let's see how many of them we can identify.”

**ክቡራትን ክቡራንን፡ንሎሚ ኣብዚ ይኣኽል’ዩ እብል።ንስኹም/ንስኽን ድማ ድማ ኣብ ጉዳይ ታሪኽን ጽሑፋትን፣ክቡር ኣቶ በርሀ ኣርኣያ ደበሳይ ኣድሂብኩም ትፈልጥዎ ከተካፍሉና ወይ ክትጽሕፉልና በዓል ተስፋ’የ።ኣቓዲመ ድማ ከመሥግን እፈቱ።**



ኣቶ በርሀ ኣርኣያ፡ኣብ 1950ታት ነዚ ይመስሉ ነበሩ።



ኣቶ በርሀ ኣርኣያ፡ኣብ ከባቢ 1962 ዓ/ም/ፈ

**ምሥጋና፣**

**#ንምህረይ ሓጎስ ፍስሃ፣**

**#ንሓው ሰሎሞን ገብረኽርስቶስ፣**

**#ንመምህር ግርማይ ገብረጻድቕ፣**

**#ንዮሃና ግ.፣**

**#ኣቶ ቢንያም ጸጋይ ገብረዝጋብሔር፣**

**#ኣቶ ብርሃነ ተፈሪ፣**

**#ኣቶ ገብረመስቐል ገብረዮሃንስ፣**

**#ወ/ሮ ሥላስ ረዳ፣**

**#ንሊቀ ትጉሃን ገረዝግሄር፣**

**#ንመዝገበ ታቦር ሊበርታ፣**

**#ዶ/ር ጨፈና ኃይለማርያም፣**

**#ኣቶ ብርሃነ-መስቐል ኣርኣያ ወዘተን**

======================////////////////////


**ኣብራሃም ብርሃነ**

**ኣድራሻ፡ጸሓፊ**

Shamdenden@gmail.com